Tigrinya

# ውጽኢት ናይቲ ደም መርመራ ኣወንታ ኮይኑ ኣሎ፡ ዝስዕብ መስርሕ እንታይ’ዩ?

## ሓኪም ክሕግዘካ ተዳልዩ ኣሎ፡ ስለዚ እቲ ዝስዕብ ተወሳኺ መርመራታት ግበር።



ውጽኢት ናይቲ ዝገበርካዮ መርመራ ዝሓዘ ደብዳቤ ክለኣኽልካ እዩ። እቲ ውጽኢት ኣወንታ እንተኾይኑ፡ ናይ ሓኪም ቆጸራ ክግበረልካ እዩ።



ሓኪም ናይ ሳንቡእ ስእሊ (x-ray) ይገብረልካ።



ሓኪም ነቲ ናይ ሳንቡእ ስእሊ (x-ray) ብምዕዛብ እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ይሕብረካ።



### ባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣብ ኣካላትካ ኣሎ

እቲ ባክተርያ ከምዘለካ ዘርኢ ምልክት ኣይረኣየካን፡ ንኻልኦት ሰባት ከተመሓላልፍ’ውን ኣይትኽእልን ኢኻ። እንተኾነ፡ ሓኪም ኩነታትካ ናብ ሕማም ዓባይ ሰዓል ንኸይምዕብል ዝኽልክል መድሃኒት ክትወስድ ትመኽረካ። በዚ መገዲ ሕማም ዓባይ ሰዓል ካብ ምሕምም ነብስኻ ትከላኸል። መድሃኒትካ ብግቡእ ብምውሳድ ንኻልኦት ካብ ምልካፍ’ውን ተድሕን።



### ናይ ሳንቡእ ሕማም ዓባይ ሰዓል

ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣለካ፡ ሓሚምካ’ውን ኣለኻ። ከም ሰዓል፡ ድኻም ኣካላትን ምንካይ ሚዛን ሰብነትን ዝኣመሰሉ ምልክታት ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣለውኻ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ንኻልኦት ሰባት ከተመሓላልፍ ትኽእል። ሓኪም፡ ብሓገዝ መድሃኒት ከተሕውየካ እያ።

KNCV TUBERCULOSISFOUNDATION
To eliminate TB